## *ገንዘብ ከፊልካ ኅይታ ምግዛእ፡*

*ወዲ-ሰብ ከፍርየሉ ኣብ ዝኽእል ዕድመ ምስ በጽሐ፡ ጉልበቱን ፍልጠቱን ክንዲ ዝኽኣሎ ክሰርሕ ኣለዎ። እንተሰሪሑ ከፍርዩ። ገንዘብ ክረክብ'ዩ። ገንዘብ እንተረኺቡ ከአ ዘድልዮ ነገራት ክሽምት'ዩ። ገንዘብ ብዝተፈላለየ ሕጋውን ዘይሕጋውን መንገዲ ናይ ምርካብ ዕድላት'ኳ ዘጋጥም እንተኾነ፡ ብወሳኒ መልክዑ ግን፡ ፍልጠትካ ወይ ጉልበትካ ኣፍሲስካ'ዩ ዝርከብ። ፍልጠትካን ጉልበትካን ሂብካ ትረኽቦ ገንዘብ ድማ፡ ንህይወትካ ዘድሊ ዓይነት ነዋት ካብ ዕዳጋ ትሸምተሉ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ገንዘባዊ ምንጪ ናይ ምርካብ ዕድል ንዘይብሎም ጽጉማት ሰባት ብምዕንጋል ናይ ሕልና እፎይታ ትረኽበሉ'ዩ። ነብስኻ ብምኽኣልካን ንኻልኦት ጽጉማት ብምሕጋዝካን ከይሞትካ ኣብ መሬት እንክለኻ መልሰ ግብሪ ናይ ሰናይ ተግባርካ ትሪኣሉ'ዩ።*

*እንተኾነ ግን ገንዘብ ምርካቡ ጥራሕ ዘይኮነ፡ ኣብ ምሕደራኡ ወይ ኣጠቓቕማኡ ዓቕሚ የድሊዮ። ኣብ ኣጠቓቕማ ገንዘብ ዓቕሚ እንተዘይብልካ ኣብ ክንዲ ጠቓሚ'ኻ ጎዳኢ'ኻ ክኸውን ይኽእል'ዩ። ኣብ ክንዲ መልሚዕካ ለካሚ'ኻ፡ ኣብ ክንዲ ፈተውቲ ጸላእቲ፡ ኣብ ክንዲ መኽበሪኻ መሕሰሪኻ ክኾነሉ ዝኽእል ኣጋጣሚታት ዕጹው ኣይኮነን። "ገንዘብ ካብ ምርካቡ ምምሕዳሩ" ዝተባህለ'ውን ካብ ባዶ ኣይኮነን።*

*ካብ ኩሉ ዝኸፍአ ግን፡ ብሕጋዊ ኣገባብ ንዘይመረጽካዮ፡ ዝተበሃልካዮ ፈጽም እናበለ ንዘሳቕየካ ፖለቲካዊ ጉጅለ መህረሚ'ኻን መዋረዲ'ኻን ዝኸውን ገንዘብ ክትከፍል እንክለኻ'ዩ። ርሂጽካ ዘምጻእካዮ ገንዘብ ኣብ ቅኑዕ መዓላ ኣውዒልካ ኣብ ክንዲ ነገራውን ሕልናውን ዕግበት ትረኽበሉ፡ ገንዘብ ከፊልካ ብቕልጽሙ ኣፍካ ሓዝ ዝተበሃልካዮ ግበር እናበለ ዝእዝዝ ኅይታ ምግዛእ ልሙድ ኣይኮነን። ኣምለኽቲ፡ ደገፍትን ወድዓውያን ተሓባበርትን ህግደፍ ግን ከምኡ ይገብሩ ኣለው። ብገንዘቦም ኅይታ ገዚኦም ኣብ ትሕቲ ስማዊ ነጻነት ኣብ ባርነት ይነብሩ ኣለው።*

*ብመሰረቱ ህግደፍ ብፖለቲካዊ ሳንቡእ እንኮ ሰብ ዘስተፍሱ፡ ናይ ውሱናት ወሰንቲ መሪሕነታዊ ጉጅለ ትካል 'ምበር፡ ብሕጋዊ ኮነ ፖለቲካዊ ሸነኹ ናይ ኣብዝሓ ህዝቢ ኣመኔታ ዘለዎ መንግስቲ ኣይኮነን። ብተለምዶ ደኣምበር ብሕጋዊ ኣገባብ ህግደፍ ዝበሃል ውድብ ወይ ግንባር የለን። ኣብ ሓደ ሕጋዊ ህዝባዊ መንግስቲ ከም ቀንዲ ኣዕኑድ ኮይኖም ዝሰርሑ ሓጋግን ፈራድን ኣካላት የለውን። ሚዛን ዘለዎ ፈጻሚ ኣካል የለን። ነዚ ኩሉ ትካላት መወከሲ ኮይኑ ከገልግል ዝነብሮ ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም የለን። ህዝባዊ ሃገራዊ ቅዋም፡ ሓጋጊ፡ ፈራድን ፈጻምን ኣካላት ስሩዕ ህይወት ኣብ ዘየሕልፍሉ፡ ኣብ ጭውያን ቅትለትን ዜጋታት፣ ኣብ ምፍብራኽ ሓሶትን ጽልእን ዝተዋፈረ ገዛእ ርእሱ ፖለቲካዊ ህይወት ዘይብሉ፡ ብህግደፍ ዝፍለጥ ናይ በጋሚዶ ምትእኽኻብ ዝኾነ ጉጅለ ግን ኣሎ። ሳሕቲ ብዘይስሩዕ ኣገባብ ዝእከብ፡ ኣብ መስኮት ተለቪዥን ኣልቦ ድምጺ ብምልክት ቋንቋ ኣእዳዎም ከወናጭፉ ዝረኣዩ ካቢነ ሚስተራት ዝበሃሉ'ውን ኣለው። ኮታ ሓለፍቲ ስማዊ ግንባር ኮነ ካቢነ ሚኒስተራት፡ ኣብ ትሕቲ ሓደ ኅይታ ዝነብሩ ፖለቲካዊ ሩሕ ዘይብሎም ናይ ትሕቲኦም ኅይቶት'ዮም።*

*ኣምለኽቲ፡ ደገፍትን ወድዓውያን ተሓባበርን ድማ ነቲ ሓደ ኅይታን ኣብ ትሕቲ ሓደ ኅይታ ዝነበሩ ናይ ቀረባ ኅይተቶም ምቾትን ቀጻልነትን ከውሕሱ፡ ኣብ ጓንጎ ህዝቢ ተጸፍዮም ይስልዩ። ወረ የቀባብሉ፡ ይጨውዩ፡ ይቐትሉ። ኅያታኦም ከይኸፍኡ ገንዘባውን ዓይነታውን ዋጋ ብምኽፋል ኣለናልካ ይብሉ። ንኽብሪ ኅይታኦም ንገዛእ ርእሶም ኣብ ሕስረት ይነብሩ ኣለው። እዞም ሰብኣዊ ክብርን ሰብኣዊ ሕልናን ዘይብሎም ብምርጫኦም ኣብ መቑሕ ባርነት ዝኣተውን ካብ ባርነት ሓራ መታን ከይወጽኡ ኩሉ ዓይነት ዋጋ ከፊሎም ንንጉስ ባርነት ዝከናኸኑ ዘለውን ወገናት፡ ኣብ ጸገም መሳኪን ኤርትራውያን ክሳተፉን ክደናገጹን ኣይረኣዩን። ኤርትራውያን ብፖሊሲ ተኲስካ ቅተል ኣብ ዶባት ብወተሃደራት ህግደፍ ተቐቲሎም። ብነጋዶ ሰብ ተታሒዞም 30- 40- 50 ሽሕ ዶላር ክኽፍሉ ተሓቲቶም፣ ኣገዳሲ ናውቲ ውሽጣዊ ኣካሎም ተወሲዱ፣ ብጉጅለ ዳዕሽ ተኀይሖም፣ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም ዝብል ሕማቕ ዜና ኣብ ዝስመዓሉ ኣብ ክንዲ ዝስንብዱ ከይተሰከፉ እንቋዕ ኮኑ ይብሉ። ነቲ ብገንዘብ ዝገዝእዎ ኅይታኦም ማለቶም'ዩ መንግስትና ከጽርፉ፡ ብጸላእትን ተጻባእትን ዝተወደበ፡ ከይሰርሑ ኣብ ምድራዊ ገነት ክነብሩ ዝሓልሙ ክብሪ መንግስትን ሃገርን ዘዋርዱ ኅሓፋት'ዮም እናበሉ ከም ዘለዎ ቃል ኅይታኦም ይደግሙ። ካብ መስመር ሰብኣውነት ዝወጽአ ጸረ-ህዝቢ ተልእኾ ኣብ ምፍጻም ዝተዋፈሩ ህልዋት ዘይህልዋት'ዮም።*

እዚ መዛረቢ ደላዪ ሰላም ማሕበረ-ሰብ ዓለም ኮይኑ ዘሎ፡ ኤርትራዊ ጃምላዊ ስደትን ሓደጋታት ስደትን ብቐንዱ ካብ 2002'ዩ ጀሚሩ። ኣብዘሓ ካብ ህዝብታት ኤርትራ ብሓፈሻ፡ ኤርትራውያን ደለይቲ ደሞክራስያዊ ለውጥን መሻርኽቲ ኣካላትን፤ ማዕከናት ዜና ዓለም፡ ትካላት ውድብ ሕቡራት ሃገራት፡ ተጣበቕቲ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሃይማኖታዊ ትካላት፣ ብኤርትራን ኤርትራውያንን ዝግደሱ ህዝብታትን መንግስታትን ገለ ኣብ ናይ ሓደጋ ቦታ ብኣካል ብምርኻብ፡ ገለ ከኣ ካብ ርሑቕ ብማዕዶ ሓልዮት ዝመንቀሊኡ ህይወት ስደተኛታት ንምድሓን፣ ነቲ ጠንቂ ድማ ብሕጊ ንምፍራድ ብዘይዕረፍቲ ኣብ ዝደኸምሉ ዘለው ወሳኒ ወቕቲ፡ ብወገን ኣምለኽቲ፡ ደገፍትን ወድዓውያን ተሓባበርትን ህግደፍ ዋላ ሓንቲ መዓልቲ ንኤርትራውያን ስደተኛታት ዝገጥሞም ዘሎ ኣደራዕ ኣመልኪቶም ኣወንታዊ ድምጺ ኣስሚዖም ኣይፈልጡን። እሞ እዚኦምስ ከሓድነትን ከደዓትን 'ምበር ሃገራውያን'ዶ ክበሃሉ ይኽእሉ?

ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ንኣብነት እቶም ኣብ ካልእ ቦታ ዘለው ከም ዘለውዎ ገዲፍና፡ ኣብ እስራኤል ዝርከቡ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን ብወግዒ ብመንግስታዊ መግለጺ፡ ኣብ ውሽጢ ክልተ ወርሒ ንሕና ናብ ዘዳለናልኩም ሳልሳይ ሃገር ትኸዱ፡ እምቢ እንተበልኩም ከኣ ትእሰሩ ዝብል ትእዛዝ ካብ መንግስቲ እስራኤል ተዋሂብዎም፡ ብዘይድልየቶም ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ናብ ዘእቱ ሳልሳይ ሃገር ከይጥረዙ ወይ ኣብ እስራኤል ከይእሰሩ፡ ከም ናይ ፖለቲካ ጥቑዓት መጠን ፖለቲካዊ ዕቑባ ክወሃቦም፡ ብመንገዶም ዝከኣሎም ኩሉ የገብሩ ኣለው። ኤርትራውያን ኮነ ካልኦት ግዱሳት ኣብ ድሕነቶም ኣብ ጎኖም ደው ኢሎም ክተሓባባርዎም ኣውያት የስምዑ ኣለው።

ንውሳነ መንግስቶም ብሰንጠቕ ዝቃወሙ ገለ ግዱሳት እስራኤላውያን ካልኦት ኣህጉራውያን ተጣበቕቲ መሰል ስደተኛታት፡ ላዕለዋይ ተጸዋዒ ጉዳይ ስደተኛታት ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ተገዲሶም መንግስቲ እስራኤል ኣብ ውሳኔኡ ዳግመ ርእይቶ ክገብር ላዕሊ ታሕቲ ኣብ ዝብልሉ ዘለው ወቕቲ፡ ብገንዘቦም ዝተበሃልካዮ ግበር እናበለ ዘሰራጥዮም ጎይታ ዝገዝኡ፡ ሕሉፋት ኣምለኽቲ፡ ደገፍትን ወድዓውያን ተሓባበርቲ ስማዊ ጉጅለ ህግደፍ፡ ብዓይኒ ሰብኣውነት ኮነ ዜግነታዊ ሓላፍነት ዋላ ሓንቲ ቃል ከተንፍሱ ዘይምኽኣሎም፡ ኣማን ብኣማን ብናይ ሕልና ባርነት ዝተጠቕዑ ህልዋት ዘይህልዋት ምዃኖም ዘረጋግጽ'ዩ።

ኣብ እዋን'ቲ መድረኽ ዝሰገሮን ታሪኽ ዝሰነዶን ጊላዊ ስርዓት'ኳ፡ ሰባት ተገዲዶም ብነጻ ጉልበት የገልግሉ ከም ዝነበሩ ደኣምበር፡ ኣብ ውሑስ ቦታ እናነበሩ፡ ብሰናይ ፍቓዶም ንጎይተቶም ገንዘብ እናኸፈሉ ኣብ ትሕቲ ባርነት ይነብሩ ከም ዝነበሩ ዝግለጽ መረዳእታ የለን። ኣይተሰምዐን ድማ። ድሕሪ ምዕናው ስርዓተ ባርያ ኣብ ዘሎ መዋእል ከኣ፡ እቲ ስራሕ ይኸብድን ይፈኩስን፣ እቲ ክፍሊት ይበዝሕን ይውሕድን እንተዘይኮይኑ ፖለቲካዊ ስልጣን ዝሓዘ ሓይሊ፡ ክብረት ዜጋታቱ ክሕሉ፡ ኣብ ኣብየተ ዕዮ መንግስቲ ንዝሰርሑ ገንዘብ ክኸፍል ኣብ ግዜ ጸገሞም ኣለኹ ክብል፡ ንድሕነቶም ክረባረብ ግዴታ ከም ዘለዎ 'ምበር፡ ዜጋታት ብገንዘቦም ከም ሬሳ ተሰኪመሞ ዝኸዱ ስርዓትስ ካብ ህግደፍን ህግደፋውያን ወጻኢ ኣይተራእየን። እዞም ዝተጠቕሱ ወገናት ግን፡ ፈጺሙ ኣብ ታሪኽ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ፡ ኣይነበር ጎይታ ብገንዘብ ገዚኦም ይነብሩ ኣለው። ኣብ ዓዲ ጓና ኮይኖም ገጽ ሰብ እናረኣዩ ዘይምሱል መሲሎም ዘዋህለልዎ ገንዘብ ኣብ ክንዲ ዝኸብርሉ ይዋረድሉ ኣለው። ኣብ ክንዲ ፈተውቲ ጸላእቲ የፍርይሉ ኣለው። እዚ ኣብ ታሪኽ ተሰሚዑ ዘይፈልጥ ገንዘብ ከፊልካ ጎይታ ምሽማት፡ ንሕጂ ካብ ህዝቦም ነጺልዎም ኣሎ። ንጽባሕ ከኣ ጸሊም ታሪኽ ኮይኑ ካብ ሕልና ደቆም ደቂ ደቆም ዘይጠፍእ ሰሓ ኮይኑ ክቕጽል'ዩ።

ብሓልዮት ደሞክራስያዊ ግንባር ሓድነት ኤርትራ ዝፍኖ፡ ድምጺ ሰላምን ደሞክራስን ኤርትራ፡ 12-02-2018